Folkhälsomyndigheten

# ጠለብ ኣሉታዊ ናይ “ኮቪድ-19” ምርመራ – ናብ ሽወደን ንዝገሹ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት

**መንግስቲ ሽወደን፡ ናብ ሽወደን ክገሹ ዝንደልዩ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት፥ ኣሉታዊ ናይ ”ኮቪድ-19” ምርመራ ክህልዎም ከም ዚግባእ ውሳኔ ኣሕሊፉ ኣሎ። እቲ ገያሻይ ሰብ፡ ኣብቲ ዝኣትወሉ ዶብ ናይታ ሃገር፥ ኣሉታዊ ውጽኢት ዝገልጽ መመሳኸሪ ሰንድ ከቕርብ ከም ዚግብኦ እዩ። እቲ ኣብ መንጎ'ቲ ምርመራ ዝገብረሉ ጊዜን፥ እቲ ዶብ ዝስገረሉን ጊዜ ድማ፥ እንተ ነውሐ 48 ሰዓታት ክኸውን ይግባእ።**

እዞም ዚስዕቡ ናይ ”ኮቪድ-19” ዓይነት ምርመራታት ቅቡላት እዮም፡- ”Antigentest”፡ “PCR-test”፡ ”LAMP-test” ከምኡ ውን “TMA-test” እዮም። እዚ ”Antigentest” ብመልክዕ ”ቅልጡፍ-ምርመራ” ናይ ሒዙካ ዘሎ ረኽሲ ”ኮቪድ-19” ኮይኑ፥ እቲ ከም ልሙድ ”ቅልጡፍ-ምርመራ” ተባሂሉ ዚስመ ምርመራ እዩ።

ኣብቲ መመሳኸሪ ሰነድ፡ ቅቡል ኮይኑ መታን ኪርከብ፡ እዞም ዚስዕቡ ሓበሬታ ክሰፍርዎ ይግባእ፡-

- ስም ናይቲ ምርመራ ዝተግብረሉ ሰብ።
- ጊዜ ናይቲ ምርመራ ዝተገብረሉ እዋን።
- እቲ ዝተገብረ ዓይነት ምርመራ፡- ”antigentest”፡ ”PCR-test ወይ ”LAMP-test” ወይ “TMA-test” ምዃኑ።
- ውጽኢት ናይቲ ዝተገብረልካ ምርመራ
- ስም፡ ቁጽሪ ቴሌፎን ከምኡ ውን ኣድራሻ ናይቲ ወረቐት ምስክርነት ዝሃበ ትካል ወይ ናይቲ ምርመራ ዘተግበረ ”ላባራቶሪ”

እቲ ሓበሬታታት ብንጹር ኣገባብ ብቛንቋታት ሽወደን፡ እንግሊዝ፡ ኖርወይ፡ ዳንማርክ ወይ ብቛንቋ ፈረንሳ ዝተጻሕፈ ኪኸውን ይግባእ።

ቤትስልጣን ጥዕና ህዝቢ፡ ንኹሎም ናብ ሽወደን ዝገሹ ሰባት ዚህቦ ምኽሪ፥ ዜግነቶም ብዘየገድስ ናብ ሽወደን ቅድሚ ምምጽኦም ምርመራ ክገብሩ፥ ምስ ኣተዉ ውን ን7 መዓልታት ምስ ሰብ ካብ ምርኻብ ክቑጠቡን እዩ። እዚ ድማ፡ እቲ ወጺኡ ዘሎ “ጠለብ ኣሉታዊ ናይ ”ኮቪድ-19 ምርመራ” ዝምልከትካ ይኹን ኣይኹን ብዘየገድስ ዘገልግል እዩ።

## ተወሳኺ ኣንብብ፡-

ሕቶታትን መልሲታትን ብዛዕባ ክልከላ ናይ ጌሽካ ምምጻእ

መሓበሬታ ብዛዕባ ኮቪድ-19 ብነንበይኖም ቛንቋታት